# ***ህዝባዊ ግንባር ዝጸርፍ ነብሱ ይጸርፍ፡***

*ኣብ ኤርትራ ሓደ ትንፋስ ኣሎ። ኩሉ ህዝቢ ኤርትራ ዘተንፍሰሉ ብጀካ እቶም ውሑዳት ጽልኢ ናይዚ ሂወት ዝሃበ ትንፋስ ዘለዎምም ገዲፍካ። እዚ ትንፋስ'ዚ ንህዝብና ሂወት ዝሓበ፡ ኣብ ደሙን ጅማተውቱን ከም ክፋል ህዋሳትና ዝሰፈረ፡ ኣብ ካልኦት ኣህዛብ ዓለም ዘይርከብ፡ ኣብ ሰላሳ ዓመታት ጉዕዞ ብረታዊ ቃልስና ተነፍዩ ተጸሙቑ ተጻርዩ፡ ኣብ መትንታትን ጅማውትን ህዝቢ ዝሰፈረ ሂወት እዩ። እዚ እነተንፍሶ ጽሩይ ትንፋስ ብጋጣሚ ዝተረኸበ ኣይኮነን። እንታይደኣ ናይ ብዙሓት ንጹሃን ሰማእታት ሂወት ዝተኸፍሎ ትንፋስ እዩ። እቶም እዚ ትንፋስ'ዚ ዘይሰማምዖም መርዛምዩ ኢሎም ክጽውዕዎ ንቡር ስለ ዝኾነ ክገርመና ኣይክእልን። ኣብ ዝኸዱ ከይዶም ከምኡ ክረኽቡ ስለ ዘይክእሉ ከም በርበረ ዝሰርነቖም እንጥሾ ክብሉ ይነብሩ ኣለዉ።*

*እዚ ንዛረበሉ ዘሎና ትንፋስ ስም ኣለዎ። ናይ ኩልና ህዝቢ ኤርትራ መጸውዒ ስም። ህዝባዊ ግንባር ከኣ ይበሃል። ነዚ ስምዚ ዝጻረፍን ዘቃልልን ነብሱ ዘሕሰረ ጥራሕ እዩ። ስለምንታይ ህዝባዊ ግንባር? ንዝብል ሕቶ፡ ህዝቢ ኤርትራ ጽሩይ ኣየር ዘተንፈሰሉ ድሕሪ ህዝባዊ ግንባር ኤርትራ ሓራ ካብ መግዛእቲ ምውጽኡ ስለ ዝኾነ። ቅድሚ ነጻነት ትንፋስ ኔሩ እንድዩ ዝብል ሕቶ ክለዓል ይኽእል ይኸውን። እንታይ ዓይነት ትንፋስ? ነብሲወከፍ ኣብ ግዜ መግዛእቲ ዝነበርና ንፈልጦ ስለ ዝኾና ምምላሱ ኣድላይነት ዘለዎ ኮይኑ ኣይስማዓንን። ሓፈሻዊ ንምግባር ግን እዎ ከምዘን ብባርነትን ድኽነትን ተዳሂኽን ዘለዋ ሃገራት ኔሩና። ንዕኡ ከነጽሪ ኢና ብረታዊ ቃልሲ ተቓሊስና ናብ ጽሩይን ንጹህን ትንፋስ ቀይርና ነተንፍስ ዘሎና።*

*እቲ ቀንዲ ናይዚ ኣርእስቲ መልእኽቲ ንምስማር ዝኣክል ህዝባዊ ግንባር መድሕን ህዝቢ ኤርትራ ምዃኑ፡፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዓለም መንነቱን እንታውነቱን ዘፍለጠ። ህዝቢ ኤርትራ ህዝቢ ምዃኑን ሃገር ከምዘለዎን፡ ሃገር ብሃገሩ ብነፍሲወከፍ ቤሌን ዓይኒ ቀናኣት ሃገራት እትጥመት። ንምሕላዋ ዋጋ ትሓትን ሃገር ምዃና። ንምንባራ ምችእቲ ቅድው ክለማ ዘለዋ። ልዕሊ ኩሉ ከኣ ኣብ ክልተ ሃይማኖት ዝኣምን ህዝቢ፡ ብሰላምን ፍቕርን ዝነብር ሃገር ዝነደቐ ግንባር ስለ ዝኾነ። ንናይ ህዝባዊ ግንባር ስነሓሳብ ዘድሚ ነብሱ ኤድሚ ከም ዘሎ ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። ንሕና ሓደ ህዝቢ፡ ሓደ ልቢ፡ ሓደ መንፈስ፡ ናይ ሓባር ስምና ህዝባዊ ግንባር።*

*ነባሪ ዝኽሪ ንሰማእታትና፡*
*ዓወት ንሓፋሽ፡*
*ገብረንጉስ መስመር፡*
*ጥሪ 17, 2021*